# “ ክልተ ወለዶ.....!”

ሳሙኤል ገ/መድህን (Gobez_gudbahri)

ወለዶ ቐዳሞት ሰብ ታሪኽ ሰብ ንያት

ሰብ ዝናር ዋልታ ሰብ ድርብ ፅንዓት

እምብልና ን በደል ን ወፅዓ ን ግዝኣት

ካልኣይ ወለዶ ተቐባሊ ሕድሪ

ረጋፂ አሰር ዝውይን ብ ናህሪ

ሰንሰለት ታሪኽ ዝመስል ብ ባህሪ

ሰብ ድርብ አምር ጠበቓታት ህዝቢ

አብ ክፋእ አብ ፅቡቐ ዝዓስሉ ከም ንህቢ

እወ ! ክልተ ወለዶ ደቂ ሓንቲ ወርሒ

ሐደ ፀረ-ባዕዲ ሓደን ስለ ፍትሒ

ወጊድ ን ባርነት ብ ሓቦ ብ ስምረት

ቅሰኑ ዘልኣለም ፅንቁታት ለካቲት።

መዘከርታ:- ን ኹሎም ደቂ ለካቲት.....!